


ዓለምና ንሰላምን ንሓቅን ብኹሉ ክተኸብር
ኩሉ ህዝቢ ክሰርሕ ከይፈርሕ ከይሸቘረር
ብነብሱ ክሓድር ከይጠሚ ጥውንኡውን ከኽበር
ዝተፈረደ ፍርዲ ብጎባጥ ዓማጺ ከይቅየር

ሰላም ኣብ ኩሉ ሃገራት ክመጽእ
ውግእ ጥሜት ንዘለኣለም ክጠፍእ
ዓለምና ንወዲሰብ ኣኽቢራ ክትስእ
ንመቕተሊ ሰብ ብዙሕ ገንዘብ ከይወጽእ
ኩሉህዝቢ ኣብ መስርሕ ሰላም ይዋሳእ

ዘይሕጋዊ ውግእ ኣሜሪካ ይጸንቀቕ ይኣክል
ዳግማይ ሐሶት ዕብለላ ስርቂ ከይምዕብል
ወዲ ሰብ ብሰላም ሐቢሩ ክሰርሕ ክሽቅል
ኢምፔርያሊዝም ካብስሩ ይቀበር ይጠቕለል

ብስም ዲሞክራሲ ከይዕምጹ ከይሽቅጡ
ንመሰል ወዲ ሰብ ከይረግጹ ከይዓብጡ
ሃብቲ ሃገራት ንውልቆም ከይሰርቁ ከይጎብጡ
ይኣክል ሰልፍታት ጠፍጢፍካ መሰልሰብ ምጽቃጡ

እወ ንብረት ህዝቢ ክሰርቁ ክዘርፉ
ኣለውና ገለ ንሕማቕ ዕብለላ ዝድግፉ
በይኖም በሊያም በይኖም ዝድርፉ

መዓልታዊ ዘይከውን ብሐሶት ምሒሎም
ክንደይ ሕማቕ ጌሮም ንህዝቢ ንዒቖም
ቻው በዓል ሚስተር ቡሽ ግዜኦም ኣእኺሎም
ተስፋ ንገብር ብተግባሮም ብሕጊ ክንሓቶም

እንስሳታት ዓለምውን ክበዝሐ ክዕምራ
ህውከት ውግእ ጠፊኡ ብሰላም ክዝምራ
ኣብ ምድሪ ይኹን ሰማይ ክኸዳ ክነፍራ

ዓወት ንሓፋሽ
ብርሃነ ገብረመስቀል 27.11.2008